## ብዛዕባ ተኸላኻሊ ክታበት ኣንጻር ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ (B)

ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ (B)፡ ብረኽሲ ቫይረስ ወይቦ ደረጃ ለ (HBV) ዝስዕብ ነድሪ ጸላም ከብዲ እዩ። እዚ ዓይነት ቫይረስ እዚ ብደም ወይ ብፈሰስቲ ናይ ኣካላት ናይ ዝተለኸፈ ሰብ (ንኣብነት፡ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ) ይመሓላለፍ። ጥቡቕ ኣካላዊ ምትንኻፋት ካብ'ቶም ቀንዲ ናብ መልከስፍቲ ወይቦ ደረጃ-ለ ዘቃልዑ ተግባራት እዮም። ምኽንያቱ፡ ብፍላይ ኣብ'ተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት፡ ኣብ ምስግጋር ኰነ ምድላው ደም፡ መርመራ ስለዝካየድ፡ ብኸም'ዚ ዝሰጋገር ደም ውሕስነት ከምዘለዎ እዩ ዝፍለጥ። እምበኣርከስ፡ ተኽእሎ ሓደጋ ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ካብ እዋን ኵትትና ንድሕሪት ዝለዓለ እዩ። እዞም ታህዋስያን እዚኣቶም፡ ክሳብ ደረጃ ሕዱር ሕማም ካብ ዘብጽሕዋ ኣደ እውን ናብ ዝጠነሰቶ ዕሸል ክሰጋገሩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ፡ ኩለን ነፍሰ-ጾር ኣዴታት በዚ ቫይረስ እዚ ተለኺፈን ከይኰና ክመርመራ የድልየን። ውጽኢት መርመራአን እወታዊ ምስዝኸውን፡ ዕሸለን ምስተወልደ ካብ'ቲ ሕማም ዝከላኸለሉ መድሃኒት ብቕልጡፍ ኪወስድ ኣገዳሲ ይኸውን። ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ኣብ መጀመርታ ልክዕ ከም ናይ ሰዓል ምልክታት ወይ ምምዝባላት ስምዒት ከስዐን መዓናጡን፡ ድኻምን ረስንን እዩ ዘርእይ። ድሒሩ፡ ሽንቲ፡ ቡናዊ ሕብሪ ክሕዝ ይኽእል፣ ቀልቀል ንቡር ሕብሪ የጥፍእ፣ ቈርበት ይብጫ፣ ጻዕዳ ክፋል ዓይኒ ድማ ይዕምል። ኣስታት ሓደ ሚእታዊት ካብ'ቶም በዚ ሕማም እዚ ዝተለኽፉ ሰባት ኪሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ'ቶም ዓሰርተ ሚእታዊት ዓቕሚ-ሰብ ዝበጽሑ (ኣብ ህጻናት እዚ ኣሃዝ እዚ 90% ይበጽሕ) ድማ ናብ ሕዱር ሕማም ይቕየር'ሞ፡ እዚ ቫይረስ ኣብ ኣካላት ሰብ ምንባር ይቕጽል። እዚ ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ዘስዕብ ቫይረስ፡ ዝኾነ ይኹን ምልክት ከየርኣየ ሕዱር ጸገም ክፈጥር ይኽእል እዩ። እቶም እዚ ሕማም እዚ ብሕዱር መልክዕ ዝሓዞም ሰባት እምበኣር እዮም – ኣብ ከባቢኦም ጠንቂ ረኽሲ ናይ'ዚ ቫይረስ ኰይኖም ዝርከቡ። ኣብ ሃገረ-ጀርመን፡ ካብ 0.3 ክሳብ 0.8 ሚእታዊት ናይ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ፡ ሕዱር ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ዘለዎ እዩ። ኣብ ካልኦት ሃገራት –ንኣብነት፡ ኣብ ኣፍሪቃን ኤስያን– ብዝሒ ናይ'ቶም ሕዱር ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ዘለዎም ሰባት ዝለዓለ እዩ። እዚ ሕማም እዚ ናብ ሕዱር ምስዝቕየር፡ እቶም ከም ናይ ነዊሕ እዋን ጸገም ዘስዕቦም ጸገማት፡ ዘይሓዊ ነድሪ ጸላም ከብድን መንሸሮኣዊ ጠባይ ኣብ ዋህዮታት ጸላም ከብድን እዮም።
ዝኾነ ይኹን ንሃንደበታዊ ረኽሲ ጸላም ከብዲ ደረጃ-ለ ዝኸውን ፍሉይ ኣገባብ ፍወሳ የልቦን። እቲ እንኮ ኣማራጺ፡ ኣብ እዋኑ ዝውሰድ ክታበት ጥራይ እዩ።

### ክታበታት

እቶም ናይ ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ክታበታት ከፊላዊ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ነዚ ሕማም እዚ ዘስዕብ ቫይረስ ዝሓዙ ኰይኖም፡ ብመገዲ ቴክኖሎጂ ምስርሐ ጂናት ካብ ዝተጻረዩ ዋህዮታት ዕሲ ዝማዕበሉ እዮም። እዞም ክታበታት ብግቡእ ምስዝወሃቡ ናይ ነዊሕ እዋን ተጻዋርነት ኣካላት ከውሕሱ ይኽእሉ፣ ንኣብነት ምክልኻል ካብ ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ።
ንጽል ክታበት ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ንሰለስተ ግዜ ይወሃብ። እዞም ክታበታት መዓስ ከምዝጅምሩን ክሳብ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ከምዝጸንሑን፣ ኣድላዪ ምስዝኸውን ድማ ብዛዕባ ከድልዩ ዝኽእሉ ኣሐየልቲ ክታበታት ብዝምከት፡ ናይ ክታበት ዶክተር ሓበሬታ ክህበካ'ዩ። ክታበት ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ምስ ካልኦት ክታበታት ጸንቢርካ ኪወሃብ ዝከኣልኰይኑ፡ ብመርፍእ (ኣብ ጭዋዳ፣ ኣድላዪ ምስዝኸውን ድማ ኣብ ታሕተዋይ ቀጸላ ቈርበት እናተወግአ) እዩ ዝውሰድ። መርፍእ ክውግኣሉ ዝከኣል ክፍሊ ኣካላት፡ ላዕለዋይ ክፋል ቅልጽም ወይ ጐድናዊ ሸነኽ ናይ ላዕለዋይ ክፋል እግሪ ጥራይ እዩ። ናብ ልዑል ተኽእሎ ሓደጋ ረኽሲ ኣብ ዝተቓልዑ ሰባት፡ ንኣብነት ሰራሕተኛታት ሕክምና፡ ውጽኢታውነት ናይ'ዚ ክታበት (መሰረታዊ ክታበት ድሕሪ ምውሃቡ) ኪፍተሽ ኣገዳሲ እዩ። ኣድላዪ ምስዝኸውን ድማ እቲ ክታበት ክድገም ይኽእል። እተዳኸመ ስርዓተ-ምክልኻል ኣካላት ኣብ ዘለዎም ሰባት (ንኣብነት፡ ብሰንኪ ናይ መንሸሮ ፍወሳ) እውን ምፍታሽ ውጽኢታውነት ናይ'ዚ ክታበት ክትግበር ዘለዎ መስርሕ እዩ።
ኣብ ርእሲ እዚ ኣቕዲምና ዝተዛረብናሉ ካብ ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ጥራይ ዝከላኸል ንጽል ክታበት፡ እንተላይ ካብ ካልኦት ሕማማት ዝከላኸሉ እተሓዋወሱ ክታበታት (ንኣብነት፡ ሽዱሽተ ዕጽፊ ክታበት ወይ six-fold vaccine) ንናጽላታትን ነኣሽቱ ህጻናትን ኪወሃቡ ይኽእሉ። ነዞም ጥሙራት ክታበታት ዝምልከት ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ተዳልዩ ኣሎ።

**ክኽተብ ዘድልዮ ሰብ ከመይ ዝኣመሰለ እዩ?**

1. እቲ ንክታበት ወይቦ ደረጃ-ለ ዝምልከት ዓውደ-ኣዋርሕ ከምዘመልክቶ፡ ኩሎም ካብ 8 ሰሙናት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ኣወዳትን ኣዋልድን ክኽተቡ ይግባእ። ነዚ ንምትግባር እዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቐሱ ጥሙራት ክታበታት ምቹኣት እዮም። ሓደ ናጽላ ኣብ እዋኑ ክታበት ምስዘይወሃብ፡ ነዚ ክታበት ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ድሒሩ ኪወስዶ ይኽእል፤ ክኽውን ዘለዎ ድማ እዩ።
2. ኣዴታቶም ብቫይረስ ወይቦ ደረጃ-ለ ተለኺፈን ዝጸንሓ ሓደስቲ ናጽላታት፡ ድሕሪ ሕርሲ ቀልጢፎም ይኽተቡን ስርዓተ-ምክልኻል ኣካላት ዘሐይሉ መድሃኒታት ይወስዱን (ኣገዳሲ፡- መሰረታዊ ክታበት ምውዳእ ኣገዳሲ ምኾኑ ዘይምርሳዕ)።
3. ብሰንኪ ህሉው ወይ ከጋጥም ዝኽእል ድኽመት ስርዓተ-ምክልኻል ኣካላት - ከቢድ ረኽሲ ጸላም ከብዲ ደረጃ-ለ ከጋጥሞም ትጽቢት ዝገብረሎም ሰባት፡ ንኣብነት ብኤች.ኣይ.ቪ. ዝተለኽፉ ወይ ሕማም ወይቦ ደረጃ-ሐ ዘለዎም ሰባት፡ ከምኡ'ውን ካልእ ዓይነት ሕማም ጸላም ከብዲ ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ መስርሕ ሕጽበት ኮላሊት (ዲያሊሲስ) ዝርከቡ ተሓከምትን ካልኦትን።
4. ብሰንኪ ምስ ባህርይ ስራሕ ዘይተሓሓዙ ምኽንያታት/ጠንቅታት ናብ'ዚ ሕማም ኣዝዮም ዝተቓልዑ ሰባት፣ ንኣብነት ብሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ምስ ዝተለኽፉ ሰባት ኣካላዊ ርክብ ክህልዎም ዝኽእል ኣባላት ስድራ-ቤት ወይ ኮም፡ ብምኽንያት ጾታዊ ርክብ ልዑል ተኽእሎ መልከፍቲ ከጋጥሞም ዝኽእል ሰባት፡ ከምኡ'ውን ናብ ሰራውር ደሞም መርፍእ እናወግኡ ኣወለፍቲ ባእታታት ዘዘውትሩ ሰባት፡ መታኣስርቲ ናይ ዝተለኽፉ ተሃደስትን ኣብ ትካላት ስነ-ኣእምሮ ዝሕከሙ ተኣፈፍቲ ሰባትን።
5. ብሰንኪ ሞያኦም ናብ'ዚ ሕማም ዝተቓልዑ ሰባት። ንኣብነት፡ ሰራሕተኛታት ጥዕናዊ ኣገልግሎታትን ሓካይም ስንን (እንተላይ ኣብ ላቦራቶሪታት ንዝሰርሑ፡ ሰራሕተኛታት ጽርየትን ሰልጠንትን ሓዊስካ)፣ ቀዳማይ ግብረ-መልሲ ዝህቡ ወገናት፣ ኣባላት ፖሊስ፣ ከምኡ'ውን ንሓደጋ ናይ'ዚ ሕማም ኣብ ዝተቓልዓ ትካላት ዝሰርሑ ሰባት፡ ንኣብነት፡ ኣብያተ-ማእሰርቲ፡ መዕቈቢ ስደተኛታት/ ሓተትቲ ዕቑባን መእለዪታት ስንኩላንን።
6. ልዑል ተርእዮ ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ናብ ዝረኣየሎም ትሮፒካዊ ወይ ትሕተ-ትሮፒካዊ ከባቢታት ዝገሹ ሰባት። ኣብ'ዚ፡ ውልቃዊ ገምጋም ተኽእሎ ሓደጋ ምክያድ ኣገዳሲ ጉዳይ ይኸውን።

**ክኽተብ ዘይብሉ ሰብ ከመይ ዝኣመሰለ እዩ?**

መድሃኒት ብዘድልዮን ብረስኒ ብዝተሰነየን (ካብ38.5°C ንላዕሊ) ሃንደበታዊ ረኽሲ ዝተጠቕዐ ሰብ ክኽተብ ኣይግባእን። እቲ ክታበት፡ ምልክታት ሕማም ምስሃድኡ ብቕልጡፍ ኪወሃቦ ዝከኣል'ዩ። እዚ ማለት፡ ምልክታት ናይቲ ሕማም ምስ ሃድኡ ተቐላጢፍካ ክወሃብ ኣለዎ። ኣብ እዋን ጥንሲ፡ ልዑል ተኽእሎ ቅጽበታዊ ረኽሲ ወይቦ ደረጃ-ለ ከጋጥም ከምዝኽእል ምስተረጋገጸ ጥራይ እዩ – እዚ ክታበት እዚ ኪወሃብ ዝግባእ። እቲ ዝኸትብ ሰብ ምስ ዝኾነ ይኹን ትሕዝቶ ናይ'ዚ ክታበት እዚ ዝተኣሳሰር ፍሉጥ ተኣፋፊ ቊጥዐ ኣካላት ምስ ዝህልዎ ወይ ድሕሪ ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ክታበት ወይቦ ደረጃ-ለ ናይ ሕማም ምልክታት ምስዝረአ፡ ናይ ክታበት ዶክተር ንኣድላይነት ምውሳኽ ክታበትን ህሉዋት ኣማራጺታትን ብዝምልከት ንተሓካሚ ምኽሪ ክህብ እዩ።

**ድሕሪ ክታበት ዝርአ ኣካላዊ ግብረ-መልሲ**

ዝተኸትበ ሰብ ፍሉይ ዕረፍቲ ኪወስድ ኣየድልዮን እዩ፤ ይኹን እምበር ድሕሪ ክታበት ንሳልስቲ ካብ ዘይንቡር ኣካላዊ ሃልኪ ክዕቀብ የድልዮ እዩ። ብምኽንያት እዚ ክታበት እዚ ስርዓተ-ዑደት ደሞም ክጽሎ ወይ ቅጽበታዊ ቊጥዐ ኣካላት ኪለዓሎም ዝኽእል ሰባት፡ ቅድሚ ክታበት ንዶክተር ክሕብሩ ይግባእ።

**ድሕሪ ክታበት ክኽሰቱ ዝኽእሉ፡ ኣብ ክፍሊ-ኣካላት ዝተደረቱ ወይ ሓፈሻውያን መልሰ-ግብርታት**

ድሕሪ ክታበት፡ እቲ ዝድለ ተጻዋርነት ካብ ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ከም ዝርከብ ርዱእ ኰይኑ፡ ማዕረ-ማዕሪኡ ኣብ 10% ካብቶም ዝተኸትቡ ሰባት ኣብ'ቲ መርፍእ ዝተወግኡሉ ከባቢ ናይ ቈርበቶም ዕንፍሩር ወይ ኣቖንዛዊ ንእሽተይ ሕበጥ ኪረአ ይኽእል። እዚ መግለጺ ናይ'ቲ ኣካላት ሰብ ኣብ ልዕሊ እዚ ክታበት እዚ ዘርእዮ ንቡር መልሰ-ግብሪ ኰይኑ፡ ክታበት ድሕሪ ምውሃቡ ንሳልስቲ ጥራይ ዝጸንሕ ተርእዮ እዩ። ሳሕቲ ግን ንንውሕ ዝበለ እዋን ክጸንሕ ይኽእል። ከም ሳሕቲ ዘጋጥም ተርእዮ፡ እቶም ናብ'ቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ክፍሊ ኣካላት ዝቐረቡ ጽክታት ክንድሩ ይኽእሉ እዮም። ካብ'ቶም ምስ'ዚ ክታበት እዚ ኣሳሲሮም ዝረኣዩ ሓፈሻዊያን ምልክታት ንምጥቃስ፡- ፍኹስ ዝበለ ወይ መጠነኛ ረስኒ ኣካላት፡ ናይ ገብገብ

ምባል ስምዒት፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ረድረድታ መሓውር (ቃንዛ ጭዋዳታትን መላግቦታትን) ወይ ድማ ድኻም ኣካላት - ከም ሳሕቲ ዘጋጥም። ብዘይካ'ዚ፡ ምምዝባል ንጥፈታት ከስዐን መዓናጡን (ጽልኣት፡ ተምላስን ተቕማጥን) ኪረአ ይኽእል። ኣብ ኣዝዮም ውሱናት ተርእዮታት፡ ድሕሪ ክታበት ምውሃቡ፡ ምውሳኽ መጠን ነዝዕታት ጸላም ከብዲ ይረአ እዩ። ብሓፈሻኡ፡ እዞም መልሰ-ግብርታት እዚኣቶም ንግዚኡ ጥራይ ዝጸንሑን ብዘይ ዝኾነ ይኹን ሳዕቤን ቀልጢፎም ዝጠፍኡን እዮም።

## ብሰንኪ ክታበት ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ከጋጥሙ ይኽእሉ ዶ?

ምስ ክታበት ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ወይ ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ክበሃል እንከሎ ሳሕቲ ዘጋጥሙ ተርእዮታት ኰይኖም፡ ካብ'ቶም ንቡራት ግብረ-መልስታት ክታበት ወጻኢ ዝኾኑ'ዮም። ኣብ ልዕሊ ጥዕና ናይ'ቲ ዝኽተብ ሰብ ድማ ቀሊል ዘይኰነ ጥዕናዊ ሃስያ ይፈጥሩ። ብመሰረት ንገለ ውልቀ-ሰባት ጥራይ ዝተንከፉ ሳሕሪ ዘጋጠሙ ተርእዮታት፡ ክታበት ድሕዊ ምውሃቡ ምስ ስርዓተ-መትኒ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት (ንኣብነት፡ ነድሪ መትንታትን ግዚያዊ መልመስትን) ከጋጥሙ ጸቢብ ተኽእሎ ኣሎ፣ ፍቕዲ ፕለትለታት (ዓይነት ዋህዮ) ኣብ ደም እውን ንግዚኡ ኪጐድል ይኽእል። ኣብ'ዞም ተርእዮታት እዚኣቶም ግን እቲ ጠንቂ ክታበት ምዃኑን ዘይምዃኑን ክረጋገጽ ኣይተኻእለን ዘሎ።

## ንጐድናዊ ሳዕቤናት ዝምልከት ምኽሪ – ካብ ናይ ክታበት ሓኪም

ኣብ ርእሲ'ዚ ብመገዲ እዚ ወረቐት'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታ፡ ሓኪምካ'ውን ውልቃዊ ምኽሪ ክህበካ እዩ። ድሕሪ ክታበት፡ ኣካላትካ ኪንዮ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ንነዊሕ እዋን ዘይጸንሑ ሓፈሻውያን ምልክታት ዝኸደ መልሰ-ግብሪ ምስዝህብ፡ ናይ ክታበት ሓኪም ከማኽረካ ድሉው ኣሎ።
ነዚ ናይ ክታበት ሓኪም በዚ ኣድራሻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፡-

መረጋገጺ ቃል
እቲ መበቆላዊ ሓበሬታ ዝሓዘ ወረቐት (ሕታም ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2014)፡ ብፍቓድ ትካል ጀርማን ግሪን ክሮስ - ንኢንስቲትዩት ሮበርት ኮች ወኪሉ እተተርጐመ እዩ። እቲ ቀያዲ ክኸውን ዝኽእል ጽሑፍ እቲ ብቛንቋ ጀርመን ዝተዳለወ ትሕዝቶ ኰይኑ፡ ምስ'ቲ እተተርጐመ ክፋሉ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ናይ ትርጉም ጌጋ ወይ ጸገም እዋናውነት ናይ'ዚ ዝተተርጐመ ሰነድ (ኣብ'ቲ ናይ ቛንቋ ጀርመን ሰነድ ድሒሩ ለውጢ ምስዝፍጸም)፡ ተሓታትነት ከስዕብ ኣይክእልን።

**ስም** ______________________________________________
*Name*

**መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ**
*Schutzimpfung gegen Hepatitis B*

ነዛ ብዛዕባ ኣገባብ ኣወሃህባ መከላኸሊ ክታበት ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ እትሕብር ዝተታሓሓዘት ወረቐት ተቐበል። እዛ ወረቐት እዚኣ ሒዛቶ እትርከብ ቀንዲ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ እዚ ብክታበት ክንከላኸሎ እንኽእል ዓይነት ሕማም፡ ብዛዕባ እቲ ክታበት ባዕሉ፡ ብዛዕባ መስርሕ ክታበት፡ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ክታበት ተኣሳሲሮም ኣብ ኣካላት ብዛዕባ ዝረኣዩ ሓፈሻውያን ምልክታትን ክስዕቡ ብዛዕባ ዝኽእሉ ሕልኽላኻት ጥዕናን መብርሂ እትህብ እያ።
*Anliegend erhalten Sie ein Merkblatt über die Durchführung der Schutzimpfung gegen Hepatitis B. Darin sind die wesentlichen Angaben über die durch die Impfung vermeidbare Krankheit, den Impfstoff, die Impfung sowie über Impfreaktionen und mögliche Impfkomplikationen enthalten.*

ክታበት ቅድሚ ምውሃቡ፡ እዚ ዝስዕብ ተወሳኺ ሓበሬታ ኪወሃበና ንሓትት፡-
*Vor der Durchführung der Impfung wird zusätzlich um folgende Angaben gebeten:*

1. ዝኸተብ ሰብ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ምሉእ ጥዕና ኣለዎ ዶ?
*Ist der Impfling gegenwärtig gesund?*

☐ እወ *(ja)* ☐ ኣይፋል *(nein)*

2. ተሓካሚ፡ ቅድሚ ሕጂ ዝፈልጦ ጸገም ቍጥዐ ኣካላት ኣለዎ ድዩ?
*Ist bei dem Impfling eine Allergie bekannt?*

☐ እወ *(ja)* ☐ ኣይፋል *(nein)*

መልሲ 'እወ' እንተኾይኑ፡ ከመይ ዝኣመሰለ ______________________________
*wenn ja, welche*

3. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ፡ ድሕሪ ናይ ዝሓለፈ እዋን ክታበት - ቍጥዐ ኣካላት፡ ልዑል ረስኒ ወይ ካልእ ዘይንቡር ሳዕቤን ተራእይዎ ነይሩ ድዩ?
*Traten bei dem Impfling nach einer früheren Impfung allergische Erscheinungen, hohes Fieber oder andere ungewöhnliche Reaktionen auf?*

☐ እወ *(ja)* ☐ ኣይፋል *(nein)*

ብዛዕባ ክታበት ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ዝያዳ ሓበሬታ ክህልወካ ምስ እትደሊ፡ ብኽብረትካ ክኢላ ክታበት ንዝኾነ ሓኪም ተወከስ።
*Falls Sie noch mehr über die Schutzimpfung gegen Hepatitis B wissen wollen, fragen Sie den Impfarzt!*

ብኽብረትካ ኣብ ናይ ክታበት ቈጸራኻ ኣብ እትርከበሉ እዋን ሰነድ/ካርድ ክታበትካ ምምላእ ኣይትረስዕ!
*Zum Impftermin bringen Sie bitte das Impfbuch mit!*

## **ወግዓዊ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ**

*Einverständniserklärung*

## **መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ንዝወስድ ሰብ**

*zur Durchführung der Schutzimpfung gegen Hepatitis B*

ስም ናይ ዝኽተብ ሰብ ______________________________________________

*Name des Impflings*

ዕለት ልደት ______________________________________________

*geb. am*

ንትሕዝቶ ናይ'ዛ ወረቐት ሓበሬታ ብግቡእ ተገብዚበዮ ኣለኹ። ንክታበት ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ`ውን ኣብ እዋን ምምይያጥ ብሓኪመይ ተዋሂቡኒ ኣሎ።

*Ich habe den Inhalt des Merkblatts zur Kenntnis genommen und bin von meinem Arzt/meiner Ärztin im Gespräch ausführlich über die Impfung aufgeklärt worden.*

☐ ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ ሕቶ የብለይን።
*Ich habe keine weiteren Fragen.*

☐ ክታበት ኣንጻር ሕማም ወይቦ ደረጃ-ለ ኪወሃበኒ ፍቓደኛ ምዃነይ ኣረጋግጽ ኣለኹ።
*Ich willige in die vorgeschlagene Impfung gegen Hepatitis B ein.*

☐ ክታበት ናይ ምውሳድ መደበይ ሰሪዘዮ ኣለኹ። እዚ ብምግባረይ ክጋጥመኒ ብዛዕባ ዝኽእል ወጽዓ ድማ ተሓቢረ እየ።
*Ich lehne die Impfung ab. Über mögliche Nachteile der Ablehnung dieser Impfung wurde ich informiert.*

ርእይቶታት፦ ______________________________________________

*Vermerke*

ቦታን ዕለትን፦ ______________________________________________

*Ort, Datum*

______________________________ ______________________________

ናይ ዝኽተብ ሰብ ወይ ናይ ሕጋዊ ኣላዪ ክታም
*Unterschrift des Impflings bzw. des Sorgeberechtigten*

ናይ ዶክተር ክታም
*Unterschrift des Arztes/der Ärztin*